# ናብ ሻፍሃውዘን እንቛዕ ብደሓን መጻእኩም/ክን

**ኣብ ዞባና ትነብርን ትሰርሕን ኣለኻ። ምስ ዞባና ክትላለይ ከኣ ጽቡቕን ሠናይን ድላይ ኣለኻ። ንሕና ከኣ ብምሉእ ሓጐስ ባህ እናበለና፣ ምስ ሃገርናን ምስ ዞባናን ኣጸቢቕካ ክትወሃሃድን ክትፋለጥን ክንሕግዘካ ድልዋት ኢና።**

ናይ እትነብረሉ ቦታ ኩነታትን ቋንቋን እንተደኣ ኣጽኒዕካ፣ ብዝቐለለ መገዲ ነቲ ከባቢ ክትፈልጦን ክትላለዮን ይኽኣል። ኣብ ካንቶን-ሻፍሃውዘን ዝተፈለለየን በብዓይነቱን መደብ ናይ ቋንቋ ጀርመን-ትምህርትን ናይ ኢንተግረሽን-መደብ-ትምህርትን ኣሎ። ነዚ መደብ'ዚ ክትጥቀመሉ ድማ፣ ጸውዒት ንገብረልካ ኣሎና። ሓደ ዕዉት ዝኾነ ምውህሃድ፣ ሓደ ጽቡቕ ዝኾነ ሓባራዊ-ጕዕዞን ሓባራዊ-ናብራን ኣብ ኅብረተሰብና ዝሃንጽ፣ ኣገዳሲ ቅድመ-ኵነት እዩ።

ኢንተግረስ (Integres) ኣብ ዕለታዊ መነባብሮኻ ዘጓንፈካ ሕቶታትን፣ ምሳኻ ዝኸይድ መደብ-ትምህርቲ ኣብ ምምራጽን ምሕራይን፣ ደስ እናበሎ ሓገዙ ከወፍየልካ እዩ። እቲ ዝወሃበካ ሓገዛዊ-ምኽሪ ብዘይ-ክፍሊት ማለት ብነጻ እዩ፣ ከምኡ'ውን እቲ ዝወሃበካ ሓገዛዊ-ምኽሪ'ውን ንኽትረከብ፣ ኣቐዲምካ ቈጸራ ምግባር'ውን ኣድላይ ኣይኮነን። ኣብ መስኮት-ኢንተርነት www.integres.ch ጠቕላላ-መደብ፣ ማለት ናይ ቋንቋ-ጀርመን ትምህርትን ናይ ኢንተግረሽን-መደብ-ትምህርትን ትምህርቲ) ከምኡ'ውን ካልእ ሓበሬታት ንምውህሃድ ምስ ዞባ ሻፍሃውዘን ክትረኽቡ ይከኣል።

ኢንተግረስ (Integres) ዝበሃል ሓደ 'ፍሉይ-ክፍሊ ናይ ምውህሃድ' (Integrationsfachstelle) ኣብ ዞባ-ሻፍሃውዘን እዩ። እዚ ፍሉይ-ክፍሊ'ዚ፣ ንውልቀ-ሰባት፤ ንመንግሥታዊ-ቤት ጽሕፈታት፤ ትካላትን ከምኡ'ውን ኩባንያታት፣ ንዘለወን ሕቶ ብዛዕባ ምውህሃድን ስደተኛታትን፣ ምኽሪ ዝህብ እዩ።

**ማእከል -ማዕዳ (ማዕዳ ወይ ምኽሪ ትረኽበሉ ቤት-ጽሕፈት): 61**
Integres, Krebsbachstrasse 61, 8200 Schaffhausen
Tel. 052 624 88 67, info@integres.ch, www.integres.ch

**እንርከበሉ ግዜ፦**

| | |
|---|---|
| ሰኑይ ካብ ሰዓት | 11.00 / 14.00 - 17.00 |
| ሰሉስ ኣገልግሎት | ኣይህብን እዩ። |
| ረቡዕ ካብ ሰዓት | 09.00 - 11.00 / 14.00 - 17.00 |
| ሓሙስ ካብ ሰዓት | 14.00 - 17.00 |
| ዓርቢ ካብ ሰዓት | 14.00 - 17.00 |

**Anreise:**
■ Bus 3/6 Hornbergstieg
■ Bus 1/5 Schönenberg
P öffentl. Parkplatz Seidenhof

